ንህዝቢና ንምድሓን ተበገሱ
በቲ ሕሉፍ ጌጋታትኩም ተጣዓሱ
ብገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን(ቆሪጀ) ጀርመን)
23. መጋቢት 2009

ሕጅስ'ባ ይኣክል ንዓ ግደፍ
መንዶ ኣሎዩ ዘይጋገ ዘይዕንቀፍ
ግዜ ከየርከበት ንዓ ተቃላጠፍ
በቲ ዝሓለፈ ብዙሕ ኣይትሰከፍ
መንእሰይ ጎርዞ እንዳሬኤኻ ክቅዘፍ
ክሳብ መዓስ ክትምዉሎ ንህግድፍ
ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ተዳጋገፍ
ወጊድ በሎ ንህግድፍ መንደፍ
ጣዕሳ ዋጋ የብሉን ጽባሕ ከይትብል ሓኺፍሓከፍ

ኣዕንትኻ እንዳራኣያ በእዳዉካ ኣይትዳህስስ
ምስ ጥዑይ ኣእጋርካ ኣይትሓንክስ
ህዝብኻ እንዳሞተ ኣይትወድስ
ኩሉ እንዳፈለጥካ ኣይትሓልክስ
እንታይ ገደሰካ ባዕልኻ ትፈኩስ
ምስ ህዝብኻ ተላዓል ፍትሒ ንኽነግስ

ክሳብ መዓስ ነንሕድሕድና ክንካሰስ
መፍትሕ ሽግርና ንፈትሽ ንበል ሃሰስ
ምኽንያታት ኣይነብዝሕ ሃበስ ቀደስ
ይኣኽለና ዘሕለፍናዮ ጎሰስ
ካብ ሕሉፍ ንምሃር ብሓባር ንበገስ
ኣዕኑድ ህግድፍ ካብ ሱሩ ክብንቆስ

እቶም ኣብ ዳስ ህግደፍ ትስዕስዑ ተዉደልድሉ
እቶም ንሕናን መንግስትናን እትብሉ
ምስ ዉጹዕ ህዝብኹም ኢደይ ኢድካ በሉ
ንህዝብና ንጣበቕሉ ነእዉደሉ
ድምጽና ንዓለም ነስማዓሉ
ዉድቀት ኢሳያስ እንሆ የንጸላሉ
ትቃራረብያ ዘላ ህዝብና ክወገወሓሉ

ንፋቀር ንሳነ ኣሕዋት ኣሓት ኣይንጋገ
ህግደፍ ዓቕሉ ጸቢብዎ እንዳተሳሕገ
ንረብሑኡ ዘቐደመ ብስልጣን ዝባዕለገ
ንጭዋ ባህልና ልምድና ዝሞረገ
ንሕናን ንበይንናን ኢሉ ዝሓገገ
ብህዝብን ሃገርን ዝጣላዕ ዝዋገገ
ከይጎበዘ ብዕሸሉ ዝኣረገ
ንሓድነት ህዝብና ዝዘረገ
ጸረሰላም ጸሕታርዉግእ እንከይተሓግሓገ
ሰላም ኣይሰፍንዩ ተማሕዩ ከይተጸርገ

ንናይ ሓባር ረብሓ
ብናይ ሓባር ቃልሲ
ዉድቀት ንህግደፍ
ዓወት ንዉጹዕ ህዝብና